BertelsmannStiftung | STIFTUNG MERCATOR | proDaZ Deutsch als Zweitsprache in allen Fächern | UNIVERSITÄT DUISBURG ESSEN Offen im Denken

© Beate Frenzel, Gülşah Mavruk (2018)

# መምርሒ ቀዳማይ ዝርርብ ምስ ብሓድሽ ዝኣተዉ ተመሃሮ

## መግለጺ ፎርም ጥያቖ

**(Tigrinja – Übersetzung durch externen Anbieter)**

እቲ ተቐሪቡ ዘሎ ፎርም ጥያቖ ከም መምርሒ ዝርርብን መሰረታዊ ሓበሬታን ንተሓጋጋዚ ምልውዋጥ ኣብ መንጎ መምሃራን እዩ ተመዲቡ፣ ብዛዕባ ቅባለ ምስ ብሓድሽ ዝኣተዉ ቆልዑትን መንእሰያትን መታን ክዘራረቡ።

ኣብ ከምኡ ዚኣመሰሉ ናይ ቅባለ ዝርርባት ኩሎም ንትምህርቲ ኣገደስቲ ዝኾኑ ጉዳያት ብቕልጡፍ ክዝረቡ ኣይከኣልን እዩ፣ ጥራይ ብዛዕባ ኣንፈት ወይ ምምዳብ ጉጅለ ትምህርቲ እምበር ክዝረብ ይከኣል ሽዑ። ሽዑ ኣርእስታት ከም ብሕልፊ ስድራ፣ ስደት፣ መርገጽ ጽንሓት ክዝተዩ እንከለው፣ ገሊኦም ተመሃሮ ተመኪሮም ዝነበሩ ዝኾነ ስምባደ ክዝክሩ ይኽእሉ። መምሃራንን ተማሃሮን ወለድን ተሓተትትን ወይ ኣለይቲ ከምኡ'ውን ናይ ሓባር ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ንሓድሕዶም ድሮ ምስዝኣምኑ ኮይኖም፣ ብዛዕባ ንምጥላብ ተወሰኽቲ ደገፍቲ ኣስተምህሮታት ከምኡ'ውን ንናይ BuT ስጉምትታት ኣድላይ ዝኾኑ ገንዘባውያን ጉዳያት ክዝረብ ይግባእ እዩ።

እቶም ነፍስወከፍ ነጥብታት ናይቲ ፎርም ጥያቖ ምስቲ ዕድመ ከምኡ'ውን ምስቲ ቋንቋዊ ፍልጠት (ናይ ዝመጹ ዘለው) ተመሃሮ ብዝተመልከተ ክሰማማዕ ኣለዎ ከምኡ'ውን ክግለጹ ኣለዎም። ምኽንያቱ

ነፍስወከፍ ቆልዓ ወይ መንእሰይ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ስለዘለዎም። ብዛዕባኡ ከኣ ዝግምቱን ዝቕበሉ ዘለውን መምሃራን እዮም ዝውስኑ።

እቲ ፎርም ጥያቐ ድማ ነቲ ናይ ምምዳብ ዓቕሚ ቀንዲ ሓሳብ እዩ ዘፋልጦ። ስለዚ ዝኾኑ ቋንቋውያን ዓቕምታት ተመሃሮ ብዝተመልከተ ክስነዱ ኣለዎም። ኣብ ክፋል III (ናይ ቋንቋ ምከራ-ጥበብ ኣብ መበቈል ሃገር) ንዓውደ ፍልጠት ዝምልከት ቋንቋዊ ኣጠቓቕማ ክግምገም ኣለዎ። ሽዑ ዝኾኑ ክፋላውያን ክእለታት (ምዝራብ፣ ምንባብ፣ ምጽሓፍ፣ ምስማዕ) ኣብ ግምት ክኣትዉ ይኽእሉ።

ምስቲ ፎርም ጥያቐ ብተወሳኺ ትምህርታውን ሞያውን ቅምደ-ተመኩሮታት፣ ተገዳስነታትን ተውህቦታትን ናይቶም ብሓድሽ ኣትዮም ዝነበሩ ቆልዑትን መንእሰያትን ኣብ ዝተፈላለዩ መበቈላውያን ቋንቋታት ክሕተት እዩ። በዚ ዓይነት ምዳበ ጉጅለ ትምህርቲ'ዚ ናይ ሽዑ ዘሎ መርገጽ ቋንቋዊ ፍልጠት ጥራይ ዘይኮነ፣ እንተላይ ድርኺትን ዓቕምን ናይቶም ዝምልከቱ ክሕሰበሉ ይከኣል።

ካብቶም መበቈላውያን ሃገራት ሰርቲፊከታት እንተ ደኣ ኣለው፣ ኣብ ዘባዊ መንግስቲ ከተማ ኮልን፣ ንመፈጸምታ ትምህርቲ ክሳብ መፈጸምታ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከምዝኣኽሉ ክምርመር ይከኣል እዩ።

([http://www.bezreg-koeln.nrw.de/brk_internet/
leistungen/abteilung04/48/anerkennung/auslaendische_schulzeugnisse/index.html](http://www.bezreg-koeln.nrw.de/brk_internet/leistungen/abteilung04/48/anerkennung/auslaendische_schulzeugnisse/index.html))
ንቅባለ ሓፈሻዊ ብቕዓት መእተዊ ኮለጅ/ዩኒቨርስቲ ግና ዘባዊ መንግስቲ ከተማ ዱሰልዶርፍ ተሓታቲ እዩ።

([http://www.brd.nrw.de/schule/schulrecht_schulverwaltung/Zeugnisanerkennung.html](http://www.brd.nrw.de/schule/schulrecht_schulverwaltung/Zeugnisanerkennung.html))

መጻሕፍትን ተወሰኽቲ ንዋታትን ዘለዎ ዝርዝር ስነ-ጽሑፍ ምስ መግለጽታት ነቶም ብሓድሽ ዝኣተዉ ተመሃሮ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ProDaZ ኢኹም ትረኽቡ [https://www.uni-due.de/prodaz/](https://www.uni-due.de/prodaz/)።